# ህዝባዊ ባህሪ ዘይብሉ ግድምና ገድልን

# ቀለሚ ትምህርትን ካብ ዝሃንጾ ዘፍርሶ ይዓቢ።

ማሳረት ገድልን ተጋዳላይን ፖለቲካዊ ወጽዓ'ዩ። ኣድላይነት ትምህርቲ ድማ ካብ ናይ ኣተሓሳስባ ድሕረትን ቁጠባዊ ድኽነትን ምንጋፍ'ዩ። ኣንጻር ወጻዒ ምግዳል ኮነ ምምሃር ከኣ ማሳል'ዩ። ስለምንታይ'ሲ ዘቤታዊ ድዩ ካብ ግዳም ዝመጽአ ብዘይገድስ ነቲ ብፖለቲካ ዝዕፍነካ፡ ብቑጠባ ዝምዝምዘካ፡ ብባህልኻን ቋንቋኻን ከይትጥቀም ዝዕንቅጸካ ገዛኢ ሓይሊ፡ ብሓሳብን ብተግባርን ብወግዒ ኣይግዛእን እምቢ ኢልካ እንተዘይተቓሊስካዮ፡ ንስኻ ጥራሕ ዘይኮንካ ድሕረኻ ዝመጽእ ወለዶ 'ውን ኣብ ባርነት ክነብር'ዩ። ስለዚ ካብ'ቲ ብሚልዮናት ዝቑጸር ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሰናይ ፍቓዶምንሳቶምርሂጸም፣ ደምዮም፣ ኣካሎም ተቖሪጾም፣ መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም በጂዮም ንዝተረፈ ክሕሾ ዝተጋደሉ ህልዋትን ስውኣትን ኤርትራውያን ልዑል ክብሪ ይግበኦም፡ ኣብ ውሽጢሃገር ይኹን ኣብ ስደት ናይ ትምህርቲ ዕድል ረኺቦም፣ ንግዜኦምብግቡእ ተጠቒሞምብቀልምን ሞያን ትምህርቲ ዝደፍኡ፡ ኣብ'ቲ ዝለዓለ ደረጃ ሊቕነት ዝበጽሑዜጋታት'ውን ዝቐሰምዎ ፍልጠት ናይ ውልቂ ሃብቶም ዘይኮነ ነቲ ኣብ ድሕረትን ድኽነትን ዝነብር ዘሎ ዝበዝሐ ኤርትራዊ ብኣወንታ ዝጸሉ፡ ዝካፈል ሃብቲ'ዩ ካብ ዝብል ቅኑዕ ሕልና ተበጊስካ ክመሓየሽ ክተባባዕ ይግባእ። ናብደረጃ ማስፋናዊ ኣተሓሳስባ ዘይወረደ ዘይተጋነነ ሚዛኑ ዝሓለወ ክብሪ'ውን ክወሃቦምይግባእ።

ገድልን ተጋዳላይን ግን፡ ብኣካል ጥራሕ ትዋስኣሉ ሜዳ ኣይኮነን። ናይ ሓሳብ ልዕልና ተረጋግጸሉ ዓውዲ'ዩ። ስለዚ ከኣ፡ መጀመርያ ካብ'ቲ ክትጋደል ዝቐሰበካ ወጻዒ (ጸላኢ) ዝውንኖ ደርባዊ ፖለቲካዊ ባህሪ፡ ብዓይነቱ ዝተፈልየ ሰብኣዊ ክብርን ህዝባዊ ባህሪ ክህልወካ ኣለዎ። ናብ ዝበዝሐን ዝተወጸዐን ሓፋሽ ዝወገነ፡ ዘይንቕነቕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣረኣእያ ወኒንካ ክትርከብ እንከለኻ'ዩ እቲ ገድሊ ናይ ብሓቂ ህዝባዊ ገድሊ ዝበሃል፡፡ ብውልቀ ሰብን ውድብን ደረጃ ድማ ናይ ብሓቂ ህዝባዊ ተጋዳላይን ውድብን ምዃንካ ዝገልጸካን ምሉእ ፖለቲካዊ ሚዛንን ክብርን ዘውህበካን። ውጹዕ ክንስኻ ወጻዒ ወይ ኣድላዊ፡ ዘይህዝባዊ፡ ዘይደሞክራስያዊ ደርባዊ ፖለቲካዊ ባህሪ ኣብ ውሽጥኻ እንተሃልዩ ግን ምግዳልካ ኣካላዊ 'ምባር ሓሳባዊ ኣይኮነን።

ናብ ገድሊ ዘውይፈረካ ሕቶ ብታሪኽ፡ ብፖለቲካ ኮነ ብሕጊ ቅኑዕ፡ ብተግባር ዝኸፈልካዮ ኩለ-መዳያዊ ዋጋ'ውን ቅቡልን ክቡርን ኮይኑ፡ ብባህሪ ውጹዑ ወጻዒ እንተደኣ ኮይንካ፡ ንድኻምካ ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ይገብሮ። ምኽንያቱ፡ ምግዳልካ ናይ ዕድል ዝሰኣነ ውጹዕ ወጻዒ ተራ ህልኽ 'ምባር፡ ሓቀኛ ደላዪ ሰላም፣ ደሞክራሲ፡ ፍትሒ ምዃንካ ኣየርእን። ህዝባዊ ኣረኣእያ ዘይብሉ ገድልን ግድምና ገድልን ከኣ፡ ክንድዝኾነ ወተሃደራዊ ዓወታት የመዝግብ ውጽኢቱ ንጠልብ ህዝቢ ብምልኣት ዝምልስ ክኸውን ኣይክእልን። ህዝባዊ ውግንና ዘይብሉ፡ ማስመዱ ዘይነጸረ ንሕና'ኮ ናይ ተግባር 'ምባር ናይ ዘረባ ኣይኮናን ዝብል ፖለቲካ ሜዕበያ (ምልማላ) ከይዱ ከይዱ ህዝባውን ሃገራውን ክሳራ 'ምባር፡ ህዝባውን ሃገራውን መኽሰብ ኣየረጋግጽን። ከምኡ'ውን ካብ እንክብገስ ኣብ ህዝቢ ዘሎሱር ዝሰደደ ጸረ ምዕባለ ዝኾነ ድሑር ኣተሓሳስባን ንሱ ዝጠንቁ ድኽነትን ምውጋድ ማእከሉ ዘይገበረ ቀለሚውን ሞያውን ትምህርቲ ብተማሳሲ ዋላ ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ማዓዚኒ ሊቕነት ይብጻሕ፡ ተልእኾኡ ዝሰሓተ ትምህርቲ'ዩ ዝኸውን። ኣድላይነት ትምህርትን ተልእኾ ምሁርን ብግቡእ ብሓላፍነት ንዘርዳእ ሰብ፡ ዕላማ ምምሃር ንውልቀ ዝናን ገንዘባውን ነዋታውን ውህለላን ከምዝይኮነ ንምርዳእ ኣየጸግምን።

ንሃገራዊ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን ብመስከረም 1961 ዝተወለዐ ብረታዊ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ፡ ብግድምናኡ ምስ'ቶም ኣብ ዓለምና ዝነውሐ ዕድመ ዘቑጸሩ ሰውራታት ከምዝቑጸር ኣየካትዕን። ኣብ'ዚ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደን ላዕሊ ታሕቲ ዝበዝሖ መሪር መስርሕን ዝሓለፈ ሰውራ፡ ብዙሓት ናይ ንእስነት ዕድሜኦም ብስምዒት፡ ብይኽዱ ስለ ዘለውብላኼማ ዘይኮነ፡ ብርድኢት ብፖለቲካዊ ንቕሓት፣ ትርጉም ሰብኣውን ህዝባውን ክብረት ተረዲኦምን ስለኡ ክቡር ዋጋ ከፊሎምዮም። ዕድመ ንእሰነቶም ጥራሕ ዘይኮነ ኣካሎምን ህይወቶምን በጃ ኮይኖምዮም። ክኒዮ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት ዝማእከሉ ሓርበኛዊ ወተሃደራዊ ስምዒትን ተወፋይነትን፣ ትርጉም ሰብኣዊ ክብረት ዝርድኡ ህዝባዊ ወገናውነት ዝነበሮምን ዛጊት'ውን ዘለዎምን ንቑሓት ደሞክራስያውያን ባእታታት ነይሮም ማለት ግን፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበራ ውድባት ኤርትራ ብፍላይ ተሓኤን ህግሓኤ ህዝባውን ደሞክራስያውን ባህሪ ነይርወን ክስምዕ የብሉን።

ተሓኤን ህግሓኤ፡ ንቕሓት ተጋደልትን ህዝብን ሓቀኛ ትርጉም ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነት ክፈልጡ ኣብ ዝኾነ እዋን ብዝኾነ ምኽንያት ዘለቕለቕ ዘይብል ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መስመር ክዓጥቑ ዝገብር ባህሪ፡ ስትራተጂን ተግባርን ኣይነበረንን። ወጹዓትን ግፉዓትን ኣብ ዙርያኦን ብምዕሳል ኣንጻር ግዳማዊ መግዛእታዊ ሓይልን ውሽጣዊ ደሞክራስያዊ ሓርነታዊ መሰላትን ብንቕሓትን ብብስለትን ከቃልሳ ትጽቢት ዝግበረለን ፖለቲካዊ ውድባት ክንሰን፡ ብሰንኪ ከምኡ ዝገብር ባህሪ፡ ፖለቲካዊ ብቕዓትን ኣሰራርሓን ዝውንነ ፖለቲካዊ መሪሕነት ዘይምርካብ ትሕቲ ትጽቢት ህዝቢ'የን ነይረን። ብድሌትን ሕልምን ብትምክሕትን ጽበትን ዝራግሑ ውሑዳት ወሰንቲ መሪሕነታዊ ኣካላት ዝዝወራ ውድባት'የን ነይረን። ስለዚ ከኣ ብራዕድን ኣምልኾን ዝተኣስረ ኣእምሮ 'ማብር፡ ምሉእ ርእሰ ምትእምማን ዝሰማዖ ረብሓን መሰልን ህዝቢ ዘኽብር፡ ባዕሉ ተኻቲዑ ብዘጽደቖ ሕግን ብነጻነት ብዝመረጾም መራሕትን ዝምራሕ ሓርነታዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ኤርትራ ክዝራእ፡ ክበቁል፡ ክዕንብብን ክፈርን ኣይገበራን። ከምኡ ክገብራ ትልሚ ከም ዝነበረ ዘርድእ ጭብጢ'ውን የለን። ሕጂ ኣብ ኤርትራውያን ተፈጢሩ ዘሎ ዝርገተ ሓሳብን ኩለንተናዊ ውድቀት ከኣ ናታቶም ፍርያት'ዩ።

ኣካል ኣምሳል ናይ'ቲ ዝተናወሐ ብረታዊ ቃልሲ ዝነበሩ ገለ ወገናት፡ ሎሚ ኣብ ክንዲ ካብ ዝነበረ ናይ ባህርን ኣሰራርሓን ጌጋታት ተማሂሮም ሰብኣውን ህዝባውን ኣረኣእያ ወኒኖም ወገን ህዝቢ ዝኾኑ፡ ብኣካል ኣብ መሳርዕ ደምበ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ፣ ብባህሪኦም ኣብ'ቲ ዘዕበዮም ጸረ-ደሞክራስያዊ ትምክሕታዊ ደምበ ክስለፉ ምርኣይ ከገርም ኣይክእልን። ንሳቶም ዘዕበዮም ፖለቲካዊ ባህሊ መኪሎምዮም ዝኸዱ ዘለው። ሰውራ ኤርትራ ኸኣ ዝዘርኦ'ዩ ዝዓጽድ ዘሎ።

ነዚ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ ብ20 ነሓሰ 2020 ስሙ ክጸርሖ ዘይደለኹ ሰብ ኣብ ቴሌቭዥን ኣሰና ብዛዕባ ዝምድና ኢትዮጵያን ኤርትራን ተሓቲቱ ዝሃቦ ፖለቲካዊ ብስለትን ሓላፍነትን ዝጎደሎ መልሲ'ዩ። እዚ ሰብ ገዲም ተጋዳላይ'ዩ። ብትምህርቲ ኣብ ደረጃ ሊቕነት ዝበጽሐን ኣብ'ቲ ዝማዕበለ ዝበሃል ክፍሊ ዓለም ዝነበረን'ዩ። ብዕድመውን ዓቢ'ዩ። ዝሃቦ መልሲ ግን፡ ካብ ገዲም ተጋዳላይ፡ ካብ ምሁር፡ ብዕድመ ካብ ዝበሰለ ሰብ ክወጽእ ትጽበዮ ኣይኮነን። ቅድሚ ሎሚ እቲ ዕለትን ወርሕን ብልክዕ ክዝክሮ ኣይከኣልኩን ግን ፈጻሚ ስራሕ ኢህወደግ ምስ ኤርትራ ዘሎ ጸገም ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ብመሰረት ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ክፍታሕ ኣለዎ ዝብል መግለጺ ምስ ሃቡ ተኸቲሉ፡ ኣብ መሬት ኤርትራ ኣብ ባድመ ዘለው ሰፋሮ “ራያ ኦም ጠቕሊሎም ክወጽኡ ኣለዎም’ ዝብል ንብዙሓት ዘሰምበደ መግለጺ ሂቡ ምንባሩ ዝዝከር'ዩ።

ባድመንኤርትራ ስለ ዝተወሰነ ሜዬትና ክንርከብኣለና እንተዝብል ብኹሉ ሸነ ኹቅቡል'ዩ። በቲ ናቱ ግድምና ገድሊ፡ ደረጃ ትምህርትን ዕድመን ኣብ ባድመ ዘለው ሰፋሮ ራያኦም ጠቕሊሎም ክወጽኡ ኣለዎም ክብል እንከሎግን፡ ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ልክዑ ዝሓለፎ ንዕቀት'ዩ ኣንጸባሪቑ። እዚ ድሑርን ጨፍላቕን ኣረኣእያ'ዚ ካብ'ቲ ልዕሊ ህዝቢ ነብሱ ዝሰርዕ ዝዓበየሉ ፖለቲካ ዝተቐድሐ'ዩ። ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ንዕቀት ድማዩ፡ ብተዘዋዋሪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ከይተሰከፈ ኣንጸባሪቕዎ። ነቲ ንሱ ዝሃቦ ሕሱር ሜላእኽቲ ዝተኸታተሉ ሰባት ኣብ እዋኑ ዘንጸባርቕዎ ዝነበሩ ርእይቶ ኣይርሰዖን፡፡ ከም መደምደምታ ናይ ክትዖም ዝተበሃልካዮ ግበር እናተባህለ ዝዓበየ ኣባል ህግደፍ ካብዚ ወጻኢ ክብል ትጽቢት ኣይግበር ክብሉ ብእዝነይ ሰሚዐ፡፡ ከም ኤርትራዊ ድማ ብምግላጺ ገሪሙን ፖለቲካዊ ሕፍረት ተሰሚዑኒ።

ብ20 ነሓሰ 2020 ኣብ ቴሌቭዥን ኣሰና ዝገበሮ ሓጺር ቃለ-ማሕተት ምስ ተኸታተልኩ ድማ ሚሉ በተሓሳስባ በሽቂጡናይ ፖለቲካ ተልሚደን ኮይኑን። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኣብ ደምባ ፈታዊ ድዩ ኣብ ደምባ ጸላኢ ዝስራዕ ፍርዲ ንምሃብ ዘጸግምዩ። ውድብ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝነበሮን ዘጊት'ውን ዘለዎን ምስ ኩነታት ዘለቕለቕ ዘይብል ፍትሓዊ መትከላዊ ሚርገጽ ንጹር ክንሱ ጸለሎ ክለኽዮ ተሰሚዑ። ከይተሰከፈ ምስ'ቶም ትሜልን ሎሚን ዓሰብ ናትና'ያ። ቀይሕ ባሕሪ ተፈጥሮኣዊ ዋንነትና'ዩ ዝብል ወራሪ ሕልሚ ዘለዎም ወገናት ብሜዕረ ሰሪዑ ብግልባጥ ናይ'ቲ ሓቂ ከረድኣና ፈቲኑ። ከም ሜራጎዲ ናይ ተራ ጸለሙኡ ኸኣ፡ ወያነ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ኣባሪሩ ንብረቶም ራስዩ እናበለ ሓላዪ ክሜልስ ኣስናኑ ክሕርቅም ተሰሚዑ። ሓድሽ ኤርትራዊ ወለዶ ካብ ከምዚኦም ዝበሉ ገዳይም ተጋደልቲ ኢና በሃልቲ፡ ምሁራት ኢና በሃልቲ፡ ዓበይቲ ኢና በሃልቲ ብዘይካድ ድሕረትን ጽልእን እንታይ ኣወንታዊ ተመክሮ ክመሃር ይኽእል?

ብርግጽ ከምቲ ንሱ ጉጅለ ህግደፍን ስርዓት ወያነ "ሕብሪ ዓይንኹም ደስ ስለዘይበለኒ ኢሉ ክንዲ'ዚ ዝኾኑ ኣሽሓት ንጹሃን ኤርትራውያንን ትውልደ ኤርትራውያንን ኣባሪሩ ኢሎም ዝግልጽዎ ኣዝዩ ዝተጋነነ ጽልኢ ማሰረቱ ዝገበረን ንህዝቢ ኤርትራ ንምድንጋርን ዝዓለመ ፕሮፖጋንዳ'ኳ ዘይቅበሎ እተኾንኩ፡ ጉጅለ ህግደፍ ወሪሩ ካብ ዝሓዞ ቦታ ክወጽእ፡ ይግበኣኒ ዝብሎ እንተለዎ ከኣ ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ ክሓትት ዝቐረበሉ ጸውዒት ተሓሲሙ ሓንሳብ "ዋላ ጸሓይ ኣይትብረቕ ካብ ባድመ ወጻእና ማለት ዘበት" ካልእ ግዜ ድማ ኲናት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክንውለዖ ኢና ድሕሪ ምባሉ፡ ብዙሓት ንጹሃት ኤርትራውያን ምስ'ቶም ኣብ ኢትዮጵያ ተዘርጊሖም ዝነበሩ ካድራትን ኣባላት ጸጥታን ኢሳያስ ብሓደ ዓይኒ ብጃምላ ግዳይ ዝኾንሉ ኣጋጣሚ ምንባሩ ሓቅነት ኣለዎ። እዚ ናይ ቅድሚ 20 ዓመት ፍጻሜ ውድብ ህወሓት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ከም ልኡላዊት ሃገር ዝነበሮን ዘለዎን ንጹር ፖለቲካዊ ሚርገጽን ብሓደ ማእከዒ ክቐርቦ ምፍታኑ፡ ስትራተጂን ስልትን ጠንቅን ሳዕቤንን ፈላልዩ ኣብ ምንባብ ጸገም ከም ዘለዎ'ዩ ዘርኢ። ካብ'ቲ ንሱ ተበዲልና ኢሉ ዘቕርቦ ምኽንያት ተበጊስካ፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ጽባሕ ስርዓት ደርግ ዝወደቐሉ 1991 ክሳብ ምፍራም ውዑል ኣልጀርስ 2000 ዓ'ም ኣብ ዘሎ ግዝያት ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ብፍቓድን መምርሕን ጉጅለ ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ተወለድቲ ትግራይ ከኣ ብፍላይ ሰብኣውነት ብዝረሓቐም ኣባላት ጸጥታን በጋሜዶታትን ዝተፈጸመ ኢ-ሰብኣዊ ገበናዊ ተግባር'ከ ከመይ ትሪኦ? ብኸመይ'ከ ትፈርዶ ኢልካ ምስ ትሓቶ ዝህበካ ሜልሲ ኣቐዲሙ ይረኣየካ። ንተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ቀዲምና ሃሪምና፡ ቀዲምና ብምኽሳስ ፖለቲካዊ ቁሚር እናተጸወትና ኢና ክትበታተን ዝገበርናያ። ንሕና ዝተበደልናዮ 'ምበር ዝበደልናዮ ኣብ

ግምት ክኣቱ ከምሞርተያ ክቐርብ ይበሉ ዝብል ደፋር ፖለቲካዊ ደንቆሮ ሜሊሲ ከምዝኸውን ንምግማቱ ኣየጸግምን።

እንተ እቶም ዝኸሰም ዘሎ ሜሒንት ወያነ ግን፡ ከምስማዊ መንግስታዊ ጉጅለ ህግደፍ ብሓደ ገባሪ ሓዳጊ ሰብ ስለዘይምርሑ፡ ኣብ ምብራርን ኣተሓሓዛን ኤርትራውያን ሞድረኽ ከፊቶምተዘትየምሉን ንዝነበረ ጉድለት ብርእይቶ ክሳብ ተፈላልየምሉን’ዮም። ነብስሄር ማለስ ዜናዊ ብውግዒ ብሜራኽቢ ብዙሓን እቲ ኣገባብ ቅኑዕ ኣይነበረን። ጽዱይ ሜጽናዕቲ ዘይተገብረሉ ሕነ ምፍዳይ ዝማስል’ዩ ነይሩ። ኣነን ከም ናተይ ተማሳሲሊ ርእይቶ ዝነበሮምን ብድምጺ ዝተሰዓርናሉ’ዩ ነይሩ ክብል ገሊጽዎ’ዩ። ከምፖለቲካዊ ውድብ ኣብ ዝኸተሎ ፖሊስን ዝፍጽሞ ተግባርን ኮፍ ኢሉ ምዝታዩ ንገዛእ ርእሱ ትምህርቲ ዝወሰደሉ ቅኑዕ ኣገባብ’ዩ። ጽዱይ ሜጽናዕቲ ከይገበርካ ኤርትራውያን ክባረሩ ዝድግፉን ነቲ ሕነ ምፍዳይ ዝማስል ጃምላዊ ምብራር ዝቃወሙን ፍልልይ ምንባሩ ናይ ህይወት ዘለዎ ፖለቲካዊ ውድብ ሞርኣያ ስለ ዝኾነ፡ ካብ ብጃምላ ምሹናን ዝደሓነ ሚዛናዊ ፍርዲ ምሃብ ይቐልል ነይሩ። እዚ ገዲምፖለቲከኛ፡ እዚ ምሁር፡ እዚ ብዕድመዓቢ ሰብ ግን፡ ነዚ ሓቂ’ዚ ከም ዘይፈልጥኮይኑ፡ ብቋንቋ ኢሳያስ ንሕና ንጹሃት ብዱላት፡ ወያነ ግን ትሜሉን ሎሚን ጸረ-ማሰልን ረብሓን ኤርትራ’ዩ ኢሉ ንየውሃት ከደናገር ሓቅን ሓሶትን ዝተግብረን ዘይተግብረን ሓዋዊሱ ክምህር ፈቲኑ። ብፍላጥ ድዩ ብዘይፍላጥ ድማ ብሕሱር ፖለቲካዊ ቋንቋ ዘቤታዊ ጸላኢና ጉጅለ ህግደፍ ዝዛረብ ዘሎ። ብባህሪ ካብኡ ከምዝይተፋተሐ’ዩ ኣንጸባሪቑ።

ብማሰረቱ ከኣ፡ ብባድመ ዝጀመረ ብዶብ ዝተመኽነየ ኣብራሲ ኲናት 1998 መበዘሕቲኦም ላዕለዎት ሓላፍቲ መንግስትን ግንባርን ማለት ሚኒስተራትን ጀኔራላትን ህግደፍ ጠንቁ ከም ዘይፈልጥዎ፡ ድሒሮም እቲ ኲናት ምስተባረዐ ከም ህዝቦም ከም ዝሰምዑ፡ ውልቀ ማላኺ ኢሳያስ ምስ ገለ ምእዙዛቱ ኮይኑ ከምዝወለዖ ምግላጾምኣይርሳዕን። እቶምካብ ዝእሰሩ 19 ዓመት ገይሮምዘለውሓለፍቲ ነበር ዘልዓልዎ ሕቶ ድማ እዚ ህይወት ኣሽሓት ዝበልዐ፡ ብሚሊዮናት ዘይኮነ ብቢሊዮናት ዶላር ዝግመት ሃገራዊ ሃብቱ ዘብረሰ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝበታተነን ሞራሉ ዝሃረመን ኲናት ብውግዒ ተገምጊሙሓላፍነት ዝወስደሉ ኣካል ይነጸር ዝብል ምንባሩ ዝዝከር’ዩ። ኮሚሽን ካሕሳ ድማ ወራሪት ኤርትራ ክብል ኣነጺሩ። ጉጅለ ህግደፍ ከኣ ብውግዒ ነቲ ውሳኔ ተቐቢልዎ’ዩ። ንልዕሊ 20 ዓመት ብዶብን ባድመን ብልኡላውነት ሃገርን ስውኣትን ከደናገር ዝጸንሐ ውልቀ ማላኺኢሳያስ፡ ካብ መፋርቕ 2018 ንነጀውጉዳይ ዶብ ንኡስ ነገር’ዩ። ቀዳምነት ንህቦ ኣጀንዳ ኣይኮነን ክብል ወንዚፍዎ ድዩ ጠቕሊሉ ገድፍዎ ዘሎ ዛዕባ’ዩ። ብቐጥታ ክሕተት ንዘለዎ ገዲፍካ ናብ ካልእ ኣጻብዕትኻ ምምልካት፡ “ወደን ከይሓምያስ ሰይቲ ወደን” ዝብል ምስላ’ዩ ዘዘኻኽረካ።

ስለዚ እዚ ስሙዘይተጸርሐ ወሃቢ ርእይቶ፡ ኣብ ዝተሓተቶ ኣትኪሉ፡ ንግድምና ገድሉ፡ ንትምህርቱን ዕድሜኡን ዝምጥን ሰሚዒ ኣወንታዊ ትምህርቲ ዝረኽበሉ፡ ኣብ መንጎ’ዞም ኣሕዋት ህዝብታት ሰላም ዘስፍን ጩቡጥ ሓቂ ክዛረብ ኣይሞረጸን። ንጉጅለ ህግደፍ ይቃወምየ በሃሊ’ዩ። ኣብ ውሑስ ቦታ ኣብ ምድሪ ኤውሮጳ’ዩ ዝነብር። ባህሪኡ ግን ዘተዓዘዝብ’ዩ። ግልጽነት የብሉን። ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ሚዛን የብሉን። ኢሳያስ ኣብልዕሊ ህወሓት ዘቕርቦ ፈጠራዊ ክስን ንሱ ዘመሓላለፎ ተራ ጽልኢ ማሰረት ዝገበረ ፖለቲካዊ ጸለመን ብባህሪኡ ኮነ ብትሕዝቶኡ ፍልልይ የብሉን። ንህዝቢ ኤርትራን ሃገረ ኤርትራን ዝሓሊ ምምሳሉ ከኣ የገርም፡ ፖለቲካዊ ሜዕበያ ዘበላሸዎ ርእሲ ስለዝኾነ ግን ምሕረት

የውርደልካ ምጣሉ ሕማቕ ኣይኮነን። እዚ ህዝባዊ ባህሪ ዘይብሉ ግድምና ገድልን ቀለማዊ ትምህርትን ካብ ዝሃንጾ ዘፍርሶ ከምዝዓቢ ግን ብሩህ ሚረጋገጺ’ዩ።

**ካብ ኣሮን በሩሀ**

20-08-2020